መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ



ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ M. Maillot

ኣወሃሃዲ፡ E. Frischbutter; Sarah S.

ተርጓሚ፦ ተስፋኣለም በራኺ፡
ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2011 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፡ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡

ቅድሚ ነዊሕ ዘመናት እግዚኣብሄር መልኣኹ
ናብ ሓንቲ ብርኽቲ ኣይሁዳዊት መንእሰይ
ድንግል ማርያም ዝተባህለት ለኣኾ። እቲ
ዝተላእከ መልኣኽ በለ። ″ወዲ ክትወልዲ
ኢየሱስ ክትሰምዮ ኢኺ በላ። ንሱ ድማ
ወዲ እቲ ልዑል ኣምላኽ ክስምዮ
ንዘለኣለም ድማ ክገዝእ እዩ።″



"እዚ ከመይ ኢሉ ኪኸውን ኣዩ?"
ማርያም ብምግራም ሓተተቶ
"ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ" እቲ
መልኣኽ ድማ መንፈስ ቅዱስ
ክወርደኪ ሓይሊ እቲ ልዑል
ክጽልለኪ። እቲ ዝወለድ
ድማ ወዲ ልዑል
ኣምላኽ እዩ።



ወሲኹ እቲ መልኣኽ ንማርያም
እታ ዘመድኺ ኤልሳቤጥ ኣብ
እርግንኣ ወዲ ጠኒሳ በለ።
እዚ ከኣ ተኣምርዩ ንዓኺውን
ከምኡ፡ ማርያም ብኡ
ንብኡ ተቀላጢፍ
ንኤልሳቤጥ በጽሓታ።
ብሓደ ሓቢረን
ድማ ንኣምላኽ
ኣመስገንኦ።



ማርያም ድማ ንዮሴፍ
ዝበሃል ሰብኣይ ተሓጺያ
ነበረት። ጠኒሳ ምስ ረኣያ
ኣዝዩ ጉሃየ ምናልባት
ካልእ ሰብ ዘጥነሳ
መሲሉዎ ነበረ።



እግዚኣብሄር ግና ጸገም ዮሴፍ ተረዲኡ
ብሕልሚ ከምዚ ኢሉ ነገሮ እቲ ማርያም
ጠኒሳቶ ዘላ ካብ መንፈስ ቅዱስ እዩ።
ዮሴፍ ድማ ንማርያም ወሲዱ
ተኸናኸና።



ዮሴፍ ንእግዚኣብሄር ኣመኖን
ተኣዘዞን፡ ነቲ ሕጊ ናይ ዓዲ’
ውን ተኣዘዞ። ብምኽንያት
ዝተዋህበ ኣዋጅ መንግስቲ
ግብሪ ክኸፍልን
ክጻሓፍን ናብ ዓዱ
ቤተልሄም ከደ።




ማርያም ድማ ንሕርሳ
ተቀራረበት ኣብቲ ዝገሽዎ
ዓዲ ግና መዕረፊ ኣጋይሽ
ኣይረከቡን። ኵሉ
ብኣጋይሽ መሊኡ
ጸነሖም።


ዮሴፍ ድማ በቲ ድምጺ እግዚኣብሄር ምስምዑ
ዕረፍቲ ረከቦ። ኣብ ጊዚኡ ድማ እቲ
ህጻን ኢየሱስ ተወልደ። መዕረፊ
ስለ ዘይነበሮም ግና
ኣብ መብልዕ ማል
ወለደቶ።

ኣብቲ ከባቢ ድማ ከብቶም ዝሕለው ጓሶት ነበሩ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ተራእዮም እቲ ዓቢ ሓጎስ ልደት የሱስ ክርስቶስ ድማ ኣበሰሮም።



ኣብ ዓዲ ዳዊት መድሓኒ ክርስቶስ
ተወሊዱ ኣሎ ነቲ ህጻን ድማ ምስ ወለዱ
ኣብ መብልዕ ማል ክትረክብዎ ኢኹም
በሎም።



ብድንገት ድማ ብዙሓት መላእኽቲ ምስኡ ኮይኖም
ከምዚ እናበሉ ኣመስገኑ ″ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን
ኣብ ላዕሊ ስምረቱ ድማ ምስቶም ኣብ
ምድሪ ዘለዎም ሰባት ይኹን″
በሉ።



እቶም ጓሶት ድማ ተቐላጢፎም ክርእዩዎ ከዱ። ነቲ ህጻን ድማ ምስ ወለዱ ብዓለባ ተጠቒሊሉ ረኣዮዎ፡ እዚ ምስ ረአዩ። ብዛዕባ እቲ ሕጻን እተነግረሎም ነገር ኣውረዩ።





ድሕሪ 40 መዓልቲ ምንጻህ ድማ ነቲ ህጻን የሱስ ናብ መቅደስ ኢየሩሳሌም ኣምጽእዎ። ስምኦን እቲ ምጽንናዕ እስራኤል ዝጽበ ዝነበረ ድማ ነቲ ህጻን ሓቑፉ ንኣምላኽ ኣመስገነ ከምኡ’ ውን ሃናን ካልኦትን ንእግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ህጻን ኣመስገኑ።

በዚ ከኣ ዮሴፍን ማርያምን
ኢየሱስ ወዲ እግዚኣብሄር ምኽኑ
ፈለጡ፣ ዮሴፍ ከምቲ ኣብ ሕጊ
እግዚኣብሄር እተባህለ ኸኣ,
ክልተ ባሬቶ ንመስዋእቲ
ኣቕረበ ።





ሰብ ጥበብ ድማ ኮኮብ
ኣብ ምብራቅ ርኢና
እሞ ክንሰግደሉ
"እቲ እተወልደ
ንጉስ ኣይሁድ
ኣበይ ኣሎ"

እናበሉ ካብ ምብራቕ
ናብ የሩሳሌም
መጹ።

ንጉስ ሄሮድስ ብዘሳ
ኢዮርሳሌምን እዚ ሰምዖም
ሰንበዱ። ሄሮድስ ንሰብ ጥበብ
ረኪቡ ድማ ኬድኩም ብዛዕባ
እቲ ህጻን ኣርጊጽኩም
መርምሩ። ምስ ረኸብኩምዎ
ኣነ ከኣ መጽኤ ክሰግደሉ
ኣፍልጡኒ በሎም። ከምኡ
ዝበሎም ግና ነቲ ህጻን ክቀትሎ
ኢሉ እዩ እምበር ክሰግደሉ
ኣይኮነን።



ሰብ ጥበብ ካብ ንጉስ ምስ ወጹ እቲ ኣብ
ምብራቕ ዝረአዩዎ ኮኮብ ኣብ ልዕሊ እቲ
ህጻን ዘለዎ ቦታ መጺኡ ደው ክሳዕ ዝብል
መርሖም፡ ናብ ቤት ኣትዮም ነቲ
ህጻን ምስ ማርያም ኣዲኡ ረኣይዎ
ፍግም ኢሎም ሰገድሉ። ሳጽኖም
ከፊቶም ከኣ ወርቅን
ዕጣንን ከርበን ገጸ
በረኸት ሃብዎ።



እግዚኣብሄር ናብ ሄሮድስ
ከይምለሱ ብሕልሚ ምስ
ተራእዮም ብኻልእ መገዲ ናብ
ሃገሮም ተመልሱ ሄሮድስ ሰብ
ጥበብ ከም ዘላገጽሉ ምስ ረኣየ
ብዙሕ ኰረየሎም ንኹሎም
ህጻናት ቤተልሄም ቀተለ።





ንወለዱ ብሕልሚ
ኣቀዲሙ ተገሊጽሎም
ስለዝነበረ ንግብጺ
ከይዶም ጸንሑ።
ካብቲ ሞት ህጻናት
ድማ ብኸምዚ
ኢየሱስ ተረፈ።

ሄሮዶስ ምስ ሞተ
እንሆ ኣብ ግብጺ
መልኣኽ እግዚኣብሄር
ንዮሴፍ ብሕልሚ
ተራእዮ’ ሞ



“ተንስእ ነዚ ህጻንን ነዲኡን
ሒዝካ ናብ ምድሪ እስራኤል ኪድ” በሎ፡
ኣብ ምድሪ ገሊላ ናዝሬት እትብሃል ከተማ
ተቀመጠ። በዚ ድማ ኢየሱስ ናዝራዊ ተባህለ።

# ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴ 1-2 ሉቃ 1-2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119:130


መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፡

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፡ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፡ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፡ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፡

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፡ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፡ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፡” ኣሜን፡

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16